# ኣብዚ ኣተኩሩ፤ ከባብያዊ ፍትሒ ኣብ Washington



ስእሊ 1። Tahoma ወይ Mt. Rainier

## ከባብያዊ ፍትሒ እንታይ እዩ?

ኣብ ግዝኣት Washington ብሃገር ደረጃን፡ ማሕበረሰባት ሕብሪ ቆርበት፡ ቀቢላታትን ትሑት ኣታዊ ዘለዎም ስድራቤታት ዘለዎም ከባቢታትን፡ ካብ ካልኦት ማሕበረሰባት ንላዕሊ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ብሓደጋታት ከባቢ፡ ከም ብከላ ማይን ኣየርን ከምኡ'ውን ዝተበከለ መሬት ተጽዕኖ ኣለዎም። ኣብዞም ማሕበረሰባት ዝርከቡ ሰባት እውን መብዛሕትኡ ግዜ ከም ሓምለዋይ ቦታታትን ጽሩይ ኣየርን ዝኣመሰሉ ከባብያዊ ረብሓታት ውሑድ ተበጻሕነት ኣለዎም። እዚ ከባብያዊ ዘይምዕሩይነት ምስ ዝኸፍአ ውጽኢት ጥዕና፡ ከም ኣዝማን ሓደጋ መንሸሮን ዝተኣሳሰር እዩ።

ከባብያዊ ፍትሒ ማለት ዘይፍትሓዊ ጽልዋታት ከባቢ ንምፍታሕ ስጉምቲ ምውሳድ፣ ንጥዕናን ጽቡቕ ሂወትን ሕብረተሰብ ቀዳምነት ምሃብን ንነፍሲ ወከፍ ሕብረተሰብ ዝምዕብል ሃዋህው ምድጋፍን እዩ።

## ሕጊ ከባብያዊ ፍትሒ Washington

ሕጊ Healthy Environment for All Act (ጥዑይ ኣከባቢ ንኹሉ ሰብ) (ሕጊ HEAL ተባሂሉ'ውን ዝፍለጥ) ኣብ መላእ ብዙሓት ትካላት መንግስቲ ግዝኣታት ንከባብያዊ ፍትሒ ናይ ምትሕብባር ኣገባብ ዝፈጥር ናይ መጀመርታ ሕጊ Washington እዩ። ኣብ 2021 ብሓጋጊ ኣካል ዝጸደቐ እዚ ሕጊ፡ Departments of Ecology, Agriculture, Commerce, Health, Natural Resources, Transportation ከምኡ'ውን Puget Sound Partnership ናይቲ ግዝኣት፡ ንከባብያዊ ፍትሒ ንምስጓም ብሓባር ክሰርሑ ይጠልብ።

## ክትወስዶም እትኽእል ስጉምቲታት

- ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ክፍሊ ስነ-ህይወት ሕጊ ምሕዋይ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ተወከሱ።[1]
- ብዛዕባ ኣገዳሲ ናይ ትካል ተግባራት ስነ-ህይወት ርእይቶኹም ኣካፍሉ። ካብ ስነ-ህይወት ብዛዕባ ዕድላት ምስታፍ፡ መልእኽቲ (ኢሜይላት) ንኽትቕበሉ ተመዝገቡ።[2]
- ኣከባብያዊ ጸገም ብመገዲ እቲ Environmental Reports Tracking System (ERTS, ኣከባብያዊ ጸብጻባት ናይ ምክትታል ስርዓት) ኣቢልካምብባር።[3]
- ን ቤት ምኽሪ ከባብያዊ ፍትሒ ተኸታተሉ፡ ኣብ ኣኼባ ቤት ምኽሪ ህዝባዊ ርእይቶ ብምሃብ ድማ ስክፍታታትኩምን ሓሳባትኩምን ብዛዕባ ከባብያዊ ፍትሒ ኣካፍሉ።[4]

[1] https://ecology.wa.gov/about-us/who-we-are/environmental-justice/heal
[2] https://public.govdelivery.com/accounts/WAECY/subscriber/new?topic_id=WAECY_288
[3] https://ecology.wa.gov/footer-pages/report-an-environmental-issue/statewide-reporting-form-erts
[4] https://waportal.org/partners/environmental-justice-council/environmental-justice-council-meetings

## ብዛዕባ ከባቢኹም ሓበሬታ ርኸቡ

ኣብ ማሕበረሰብኩም ብዛዕባ ከባብያዊ ፍትሕን ጉዳያት ህዝባዊ ጥዕናን ክትመሃርሉ እትኽእሉ ብዙሕ መንገድታት ኣሎ። ኣብ ከባቢኻ ዝርከባ ማሕበረሰባዊ ትካላት ዓቢ ምንጪ ሓበሬታ ክኾና ይኽእላ እየን። ሓያሎ ናይ ኦንላይን መሳርሒታት እውን ኣለዉ፤

### ክፍሊ ስነ-ህይወት፡ ግዝኣት Washington

- እቲ ናይ ስነ-ህይወት "ኣብ ከባቢይ እንታይ ኣሎ" ዝብል መሳርሒ ኣብ መላእ ግዝኣት መርዛማት ናይ ጽሬት ቦታታት የርኢ። ኣድራሻ ኣእቲኻ ኣብ ጥቓ እቲ ቦታ ዝርከቡ ናይ ጽሬት ቦታታት ክትሪኢ ትኽእል ኢኻ።[5]
- መርበብ ምክትታል ኣየር ካብተን ኣብ ዋሽንግተን ብከላ ኣየር ዝዕቅና መደበራት ምክትታል ኣየር ህሉው ኩነታት ጽሬት ኣየር የርኢ።[6]
- ካርታ መጠንቀቕታ ሓመድሓፈሻዊ ቅዲ ብከላ ኣርሰኒክ ካብ ኣሳርኮ ታኮማ ስሜልተር ዘርኢ እዩ። ብዛዕባ ካልኦት ከባቢታት ብከላ ኣርሰኒክ ኣብ መላእ ግዝኣት እውን ሓበሬታ ክትዕዘቡ ትኽእሉ ኢኹም።[7]

### ክፍሊ ጥዕና፡ ግዝኣት Washington

- ካርታ ፍልልያት ጥዕና ከባቢ ብዛዕባ 19 ከባብያውን ጥዕናውን ረቛሒታት ዝምልከት ሓበሬታ ዘወሃህድ ኮይኑ፡ ኣብ መላእ ግዝኣት ንዘሎ ዘይምዕሩይነት ዘጉልሕ እዩ። ከባቢኻ ብኣድራሻ ወይ ብዚፕ ኮድ ክትደሊ ትኽእል ኢኻ።[8]

### Environmental Protection Agency (ትካል ሓለዋ ከባቢ)፡ ሃገራዊ ስፍሓት

- EJScreen ንኣከባብያዊ፣ ጥዕናን ማሕበረሰባውን ሓበሬታታት ናብ ካርታታትን ጸብጻባትን ብምውህሃድ ሰባት ኣበይ ልዑል ከባብያዊ ጾር ከምዘጋጥሞም ዘርኢ እዩ። ብኣድራሻ፣ ስም ቦታ፣ ወይ ዚፕ ኮድ ክትደሊ ትኽእል ኢኻ።[9]
- መገዲ ማየይ ከመይ ኣሎ፡ ብዛዕባ ናይ ከባቢ ማይ ኣካላት ሓበሬታ ኣለዎ። ማሕበረሰብካ ክትደሊ ትኽእል ኢኻ።[10]

## ምስ ቤት ጽሕፈት ፍትሓውነትን ከባብያዊ ፍትሕን ስነ-ህይወት ርክብ ግበሩ!

ንላዕለዋይ ኣማኻሪ ፖሊሲ ከባብያዊ ፍትሒ ንምብጻሕ ብስልኪ (360) 480-6270 ደውሉ ወይ ድማ ኣብ መርበብ ሓበሬታናተወከሱ።[11]

**Chelsea Batavia**
**Chelsea.Batavia@ecy.wa.gov**
**360 972 6366**

**ናይ ትርጉም፣ ምብራህ፣ ኣገልግሎት ቋንቋን ናይ Americans with Disabilities Act (ADA, ስንክልና ዘለዎም ኣመሪካውያን) መንበሪን መሰል ኣለኩም። Please contact Ecology at 360 407 6831 or ecyadacoordinator@ecy.wa.gov, or visit https://ecology.wa.gov/accessibility. ንኣገልግሎት ምስግጋር ወይ TTY ብ 711 ወይ 877 833 6341 ደውሉ።**

---

5 https://apps.ecology.wa.gov/neighborhood/?lat=47.500000&lon=-121.000000&zoom=7&radius=false
6 https://enviwa.ecology.wa.gov/home/map
7 https://apps.ecology.wa.gov/dirtalert/?lat=47.273840&lon=-122.500000&zoom=11
8 https://doh.wa.gov/data-and-statistical-reports/washington-tracking-network-wtn/washington-environmental-health-disparities-map
9 https://www.epa.gov/ejscreen
10 https://www.epa.gov/waterdata/hows-my-waterway
11 https://ecology.wa.gov/About-us/Who-we-are/Environmental-Justice